ENCDC ENF EPDP RSADO

# ፖሊቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝተኣስሩ መራሕቲ ሃይማኖት ንምፍታሕን ዝተነፍገ ናጽነታት ንምምላስን ዘየቋርጽ ቃልሲ ክካየድ ይጽውዕ

22 ሕዳር 2022

ፖሓኤ ነቲ ሃገራውያን ደልይቲ ፍትሒ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስን ምስኦም ዝተኣስሩ ካህናትን ንምፍታሕ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ዓለም ዘካየድዎ ሰላማዊ ሰልፍታት ደገፉ ኣረጋጊጹ። ነዚ ዕድል'ዚ ብምጥቃም ከኣ ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዘለዉ ኤርትራውያን፡ ንኩሉቲ ወጻዒ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከውርዶ ዝጸንሐን ዘውርዶ ዘሎን ዝተፈላለየ በደል፡ እንኮላይ ምግሃስ ናጽነት እምነትን ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኢድ ምትእትታውን ንምቅዋም ቁጥዐኦም ከርእዩን፡ ኩሉ ሰብኣዊ መሰላትን ናጽነታትን ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ዘየቃርጽ ቃልሲ ከካይዱን ይጽውዕ።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብ15 ጥቅምቲ 2022 ድማ፡ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጕስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይትን ኣቡን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ካብ መገሻ ክምለሱ እንከለዉ፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተኣሲሮም። ከምኡ እውን ክልተ ካህናት ኣብ ኣገልግሎት እንከለዉ ብሓይልታት ጸጥታ ተታሒዞም ተወሲዶም። ስርዓት ህግደፍ ናይዞም ኣቦታት ምኽንያት መእሰርን ሃለዋቶም ድሕሪ ማእሰርትን ዝምልከት ሓበሬታኳ እንተዘይሃበ፡ ሓደ መርኣያ ናይቲ ን30 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከውርዶ ዝጸንሐ ግፍዒ ምኻኑ ግሉጽ እዩ። ሃይማኖታዊ መራሕቲ ብዘይካ ሰዓብቶም ምስትምሃርን መንግስቲ ሓላፍነት ስለ ዘለዎ ንዜጋታት መሰሎም ክኸብር፡ ክሕሉን ክሕብሕብን ምትሕስሳብን ምጽዋዕን ካልእ ገበን ከምዘየብሎም ዘመልክት ሓበሬታ ኣሎ።

ቅድሚ ሒደት ዓመታት፡ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብኡ ዝሞቱ ልዕሊ 90 ዓመት ዝዕድሚኦም መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣቡነ ኣንጦንዮስ 3ይ ፓትርያርክ ኦርተደኩሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራን፡ ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑር ፕረሲደንት እስላማዊት ቤት ትምህርቲ ኣል ዲያእን ካብቶም ህይወቶም ዝኸፈሉ ግዳያት እዮም። መራሕትን ሰዓብትን ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ኤርትራ እውን ኣብ ፈቐዶ ኣብያተ ማእሰርቲ ይሳቐዩ ኣለዉ።

ንሕና ኮነ መላእ ዓለም ከም ዝፈልጦ፡ ኣብ ጨቛኒ ስርዓት ህግደፍ፡ ብዘይካቶም ብኣረኣእያኦም ዝተቐትሉ፡ ዝተሰወሩን ኣብ ያብያተ ማእሰርቲ ዝማስኑ ዘለዉን ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት፡ መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃይማኖታት እውን ግዳይ ማእሰርትን ቅትለትን ክኾኑ ጸኒሐም እዮም። እዞም ግዳያት መራሕቲ ሃይማኖት፡ ብዘይካ ነቲ ዝመርሕዎ ህዝቢ ኣብ እምነቱ ክጸንዕ ምስትምሃር፡ ብመንግስቲ ህዝቢ ክብደል እንከሎ ከኣ ስምዕታ ምቕራብ፡ ሃይማኖታዊ ትካላት ብመንግስቲ ክምንዝዑ እንከለዉን መንግስቲ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኢዱ ከእቱ እንከሎ ዓገብ ካብ ምባልን ሓሊፎም ካልእ ገበን ኣይፈጸሙን።

*ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ (ፖሓኤ)፡ ከም ወትሩ፡ ብሓፈሻ ኩሎም ብርእይቶኦምን ብእምነቶምን ዝተሓየሩ ኤርትራውያን፡ ብፍላይ ከኣ እዞም ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተኣስሩ ኣቡንን ካህናትን ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ብህጹጽን ብዘይ ቅድመኩነትን ክፍትሑ ይጽውዕ። ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ዓለም ድማ እዞም ኣቦታት ንክፍትሑ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ተጽዕኖኦም ከሕይሉ ይምሕጸን።*

*ኣውራ ከኣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብዓቢኡ፡ ቁጥዐኡ ብግብሪ ክገልጽ፡ ብዝረኸቦ ዕድልን ኣጋጣምን ብሓባር "ኣቦታትና ይፈትሑልና" ዝብል ድምጹ ክቃልሕ ነዘኻኽር።*

## ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፤

| | | |
|---|---|---|
| 1. | ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ | ነጋሽ ዑስማን |
| 2. | ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር | ካሕሳይ ጉፍላ |
| 3. | ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ | ተስፉይን ወልደሚካኤል (ደጊጋ) |
| 4. | ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ | ያሲን ዓብደላ |